
# በብሓደ ሰብ ወሓደ

## ካልኣይ ክፋል (2ይ ክፋል)







ብበራኺ ዮሃንስ
ኦታዋ፡ ካናዳ
ጥሪ 16, 2022

# በብሓደ ሰብ ወሓደ

ካላይ ክፋልን መጨረሽታን

ጥሪ 16, 2022

እዚ ንኾዶ ዘለና ጉዕዞ፡ ቀዳምነትናን ድልየታትናን ብዘይ ምንጻር ንዓዕዘሉ ዘለና ጉዕዞ መሚናን ሪኢናን ክንዲ ብእሂን ሚሂን ንላዘብ ፡ ኩሉ'ቲ ድኽመታትና፡ ናብ ወያነ ኣጸጊዕና  ዓል መገዲ ንትርኽን ኣሊና ካብዚ ብልሹው መገዲ ጉዕዞ ገዲፍና ምስ ኩልንተናዊ ሓሳብናን ኣእምሮናን ኮታስ ምስ ሕልናን ጽዕቕ ዘተ ከድልየና እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንርእዮ ዘለና ድራማ ፡ ምስተረፍመረፍ ስርዓት ደርግ ተሰሊፎም ፡ ባንዴራ ኢትዮጵያ ተወንዚፎም ጽርጊያ ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ካብ ምዕልቕላቕ፡ ናባና ናብቶም ምስብዙሕ ፍልልያትና እሞ ንነገር ብኽውንነት ንርኢ ዘለና ሰብ ሕልና ፡ ናባና ክመጹን ኣካይዳኦም ዳግመ ሓሳብ ክገብሩሉን በዚ ኣጋጣሚ ጸዋዒትና ነቕርብ። ንሕና ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ደው ብምባልና ፡ ጽባሕ ኣብታሪኽ ተዓወቲ ኢና። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝብን ሃገርን ንኽቅጽል፡ ቀዳምነት እንታይ እዩ ዘድልዮ፡ ከምህዝቢ ፡ ከም ሃገር ይቐጽልዶ ወይስ ምስ ስርዓት ብልጽግና ይደመር ንዝብል ሕቶ ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ብጽሞና ክርእዮን ክምልሶን ዘለዎ ገዚፍ ናይ ገዛ ዕዮ እዩ ዝጽበየና ዘሎ እንድሕሪ እታ ህያብ ስዉኣት ሃገረ ኤርትራ ከም ሃገር ክትቅጽል ኮይና።

ኤርትራና ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ሰዓት፡ ልክዕ ዳስ ሓውያ እያ ኮይና ዘላ። ዝተኣስረ ዘይወጻላ ፡ ህዝባ ፋሕብትን ኣቲዩዎ ሃጽ ኢሉ ዝጠፍኣላ፡ ወላ ዝሞተ ሬሳ ዘይኣትወላ፡ ዘይቅበረላን፡ ንሱ ጥራሕ ዘይኮነስ ሰዊት ዕድመኦም ወፊዮም ዝተቓለሱላ ፡ ብዘይ ፍርዲ ዝጸንቱላ ኮታስ ኣዚያ ማጋሪያ ምድረ ሲኦል ንህዝባ ዝኾነት ሃገር እያ ተቐይራ ዘላ እሞ ብኸመይ ነድሕና፧ ኣብ ዝብል ናይ ዝርርብ ዘተ ንኽንኣቱ መድረኽ ይጽዉዓና ኣሎ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ መን ጸግዒ ይኾነካ፧ እውን ብብስለት ብልቦና ምጥማት ስለዘድሊ ኣብዚ መዳይ እዚ ውን ብስነ-

ልቦናን ብልሓትን ምርኣይን ምግምጋምን ከድልየና እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ኣብ ዘመነ ኢሰያስ ወላ ነቶም ቀለስቲ ኣርካናት ኣያታት ገድሊ በሊዑ ኣጥፊእዎም ጥራይ ዘይኮነ ወላ ካብ ማህደር ታሪኽ ሓኺኹ ይኣልዮም ኣሎ። ብፍላይ ካብ ክፍለ ሰነድ፣ እቲ ቪዲዮታት ማለት ተንቀሳቓሲን ደረቕ ስእልታቶም ካብ መዝገብ ታሪኽ ብምኽዋል ፡ ወናኒ ታሪኽ ባዕሉ ንበይኑ ንሱ ጥራሕ ኣብ ርእሲ ደቂ ሰባት ብፍላይ ኣብቲ ታሪኽ ክቅበል ዝኽእል ሓድሽ ትውልዲ ብግቡእ ከይፈልጥን መንነቶም ከየስተብህልን ኮነ ኢልካ ዝግበር ናይ ክፋእ ተግባራት ኢሰያስ በዚ'ከኣ ሓዲሽ ትውልዲ ንዕኡ ንበይኑ እንዳረኣዩ ክዓብዩ ኢልካ ዝግበር ኖውራም ተግባራት እዩ።
ስለዚ እዩ ከኣ ኩሎም መቓልስቲ ኣላሚን ሮሞዳንን ካብቲ ሰነዳት ተሓኺኾም ፡ ኢሰያስ ንበይኑ ተዋስኣይ ኮይኑ ዝቐረበ ኣብ'ቲ ናይ ክልትኦም ናይ ታሪኽ ህይወት ሰነዳት።
ወዮ'እኳድኣ ረሳዕቲ ኮይና እምበር ኣብ 1996 እኮ ታሪኽ ናይ ኤርትራ፣ ኣብ ሻዕቢያ እዩ ዝጅምር ኢሉና ነይሩ እዩ፡ ካልእ ሕሉፍ ታሪኽ ኤርትራ ዝበሃል ከምዘይነበረ ብግልጺ ነጊሩና ከምዝነበረ ተዘክሮታት ናይ ትማሊ ኢሰያስ ከምዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽር ይደሊ። ብሓጺሩ ኤርትራ ዝበሃል ታሪኽ ኣይነበረን ክብል ከሎ እኮ እዚ ናይ ሕጂ ምስ ዶ/ር ኣቢ ናይ ምድማር ጉዕዞ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ሽዑ ራኢኡ ከምዝነበረ ብሃንሳሰ-ለባም ሸልል ኢልና ክንሓልፎ ኣይግባእን።
ስኑድ መተንሲኢ ባይታ ታሪኽ ናይ ኤርትራ ፡ ናይ ቀደምን ሕጅን ብምትእስሳር ሰንሰለታዊ ክሳብ ደቡብ ትግራይ ዝውሕዝ ታሪኽ፡ ከምዘሎና ብኹውንነት ንኢሰያስ ክንምጉቶ ኣይተረኸብናን፡ ሽዑ ኣብ'ቲ ታሪኽ ኤርትራ፡ ብኣይ እዩ ዝጅምር ክብለና ከሎ።



ግን ከም በዓል መስፉን ሓጎስ፡ ሃይለ ድሩዕ፡ ማሕሙድ ሸሪፎ፣ ጴጥሮስ ሰሎሙን ኮታስ ንመን ጸዊዕካ ንመን ክትገድፍ ከይኸውን እምበር ብዓሰርተታት ፡

ሚእቲታት ኣሽሓት ደቂ ህዝቢ ዝሰርሕዎ እኩብ ድምር ቅያዊ ስርሒት ናጽነት ንበይኑ ገቢቱ ካብ ገጽ ታሪኽ ከምዘይ ነበሩ ፡ ሓኺኹ ክጉሕፎም ዝፍትኖ ዘሎ ሕጂ ዝጀመሮ ኣይኮነን።
ከም መርኣያኡ፡ ኢሰይሰ ኣፈወርቂ፡ ከምቲኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ምስ ዝሞተ ሬሳ ዝበኣስ ናይዚ ዘመን ፡ ፍሉይ ጽሉል ምዃኑ ዘርኢ ህዝብን ዓለምን ዝግንዘቦን ዝፈልጦን ሓቂ እዩ። ኣብዚ ከኣ ህያው ምስክር ሬሳ ናይዝጊ ክፍሉ ክጥቀስ ይክኣል። ኢሰያስ ንሕዱር ቂም-በቐሉ ኣብ ሬሳታት ዝፈዲ ኣረመኔ ከም ምዃኑ፡ ንነፍሰሄር ናይዝጊ ክፍሉ ኣብ ዓዱ ሓመድ ኣዳም ንኸይለብስ ሓዝ-ግደፍ ወይ ኣሻንፈርይ ዝብል ኣዚዩ ዕቡድ ሰብ ከም ምዃኑ መግለጺኡ እዩ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ዝሞተ ሬሳ እዚ ንኽከብር ድሕር ዘይብል ጽሉል በዓል ወረቐት፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ደቂ ሰብ ኣሰቃቒ ግፍዒ ንኽወስድ ብሞራል ይኹን ብሕልና ብምንታይ መለኪዒ እዩ’ም ከጸግሞ? ስለዚ  ብሓጺሩ እቲ ልክዕ ኢ-ፍትሓዊ ምስሊ ኢሰያስ መርኣያኡ ምስ ከምዚ ዓይነት ሬሳ ክበኣስ ክትርእዮ ከለኻ ፡ ፍጻሜ ግፍዕታት ኣብ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ብዓይኒ ኢሰያስ ኣዚዩ ቀሊል ብእኡ ደስ ዝብሎ ምዃኑን እዩ ዘርኢ።
ኣብ መጨረሽታ፡ ልክዕ ከም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ፡ በብሓደ ሰብ ወሓደ ከብልለኒ ዝኽኣለ፥ ብቐጻሊ ኣብ’ዚ ህዝቢ ዝርኤ ዘሎ ኾይኑ መዕገቲኡ ብኸመይ ኮን ይኹን? ኣብ ዝብልናይ ድህሰሳ ሓሳብ ንኾነተኩር ዝዓለመ ሓሳብ እዩ። ከም ኣቐዲምና ክንገልጾ ዝጸናሕና፡ ልክዕ ህቡባት ቀለስትን መራሕትን በብሓደ  ናይ ሓሶት ክሲ-ወንጀል እንዳ መስረተ እዩ ወዲእዎም፡ ብፍላይ ኣብ’ዚ ትሕት ኢለ ዝጠቕሶም ዘለኹ ኣተግበርቲን መራሕትን ደቂ ህዝቢን ፡ ከምኡ እዋኑ ሓሊዩ በብግዜኡ ዝወስዶም ዝነበረን ዘሎን ስጉምትታትን   እየ ከብርህ ዝፍትን።
ስለ’ዚ እዚ ጉጅለ-ጥፍኣት፡ በቲ ገባር ክፉእ ኢሳያስ ዝምራሕ ኮይኑ፡ ብመደብ ንሃገር ተስፋ ዘለዎም ንጹሃት ሃገራውያን
በብሓደ ን50 ዓመታት ኣጽኒቱን የጽንት ኣሎ።

- ኣቀድም ኣቢለ ከም ዝተጠቐስክዎ፡ ካብ ሰልፊ ናጽነት--ህዝብዊ ሓይልታት ብስም
  መንካዕ ዝተቀንጸሉን  ብስም የሚን ዝተቀንጸሉን  ንጹሃት ኤርትራውያን፡
   ንናጽነት ህይወቶም ከወፍዩ

ንሜዳ ዝተሰለፉ ብፍትሒ ብዝጎደሎ ኣሰራርሓ ኢሰያስ ዝወርዶም ዝነበር መእሰርትን ቅንጸላን እውን ቀደም ተኸተል ተመሳሳሊ ብግፍዒ ክንደይ ምሁራትን መራሕትን ዘህለቐሉ ሜላ ንምርኣይ ንምግንዛብ ዝኣክል እየ ከም መደምደምታ ዘቕርቦ ዘለኹ።

- ብተመሳሳሊ ፡ ኣብ 1993 ደሞዝ ይገበረልና ዝበሉ ተጋደልቲ፡ ብኣልማማ ተኣሲሮምን ተቐንጺሎምን
- ኣብ 1994 ስንኩላት መነባብሮና ይመሓየሸልና ዝበሉ ብጸሓይ ቀትሪ ኣብ ማእከል ጽርጊያ ብትእዛዝ ወዲ መምህር ተቐንጺሎም ።
- ገሊኦም ከኣ ብስሚ ማለት፡ ተሰሚሞም ዝሙቱ ፡ገለ ካብኦም ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፡ ሚኪኤል ፍስሃየ ገብራት ፡ መሓመድ ስዒድ ባሬ ፡ሕጂውንሮመዳንን፡ ኣልኣሚን መሓመድ  ስዒድን ክኾኑ ከለው፡ እቲ ዘገርም ድማ ምሕማሞም ከይተፈልጠ እዩ ምሟቶም ዝስማዕ።

ስለ’ዚ  ኣብ ሜዳ ኤርትራ "ዘይተነግረ እምበር ዘይተገብረ የሎን"፣ ከምትብል ይገብረካ።  ንብዙሓት ጀጋኑ ኣብ ዘየድሊ ውግኣት ብምእታው ብድሕሪት ከምዝህረሙ ጌሩ ዘጥፈኦም ንጹሃት ኤርትራውያን ኣድኦም ትቑጸሮም።

ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ብዝኸፍአ ነቲ ገበን ምፍጻም ስለዝተተሓሓዞ ምስ ኩለን ጎረባብትና ውግእ ብምኽፋት መግለጺ ዘይብሉ ጥፍኣት ኤርትራውያን ርኢና። ኣብ የመን፣ ሱዳን፣ ጅቡቲ፣ ኢትዮጵያ፣ ዛየር፣ ሶማልያ መንእሰያትና ኣጥፊኡ እዩ። ኣብ ትሽዓተ ዓመታት: ምስዘን ኩለን ሃገራት ኣብ ውግእ ክንኣቱ ከሎና ኣብኡ ዝጠፍኤ ህይወትን ንብረትን ኣዚዩ እዩ ዘሕዝን።

ኣብ መዋእል18
ዓመታት ብምኽንያት ዶብ ክንደይ ንጹሃት መንእሰያትን ዓበይትን  ናብ ጎረባብቲ ክሰግሩ ዝተቀትሉ ፡ ልኡኻት ህግደፍ ኣብ ሲናይን  ልብያን  ማእከላይ ባሕርን ዘጥፍእዎም ኣሕዋትናን ደቅናን ዓቀነ መጠኑ ብዙሕ እዩ።

ኤርትራ ሃገርና ካብ ዘበነ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ መንእሰያትና ዘጽነተ ጉጅለ ፡ ሕጂውን ብዝኸፍአ ወተሃደራዊ ምሕደርኡ ብማእሰርትን
መቅተልትን ኣብ ዓለም ዝተፈልጠት ሃገር ኮይና ትረአ ኣላ።

እዚ ከይኣኽሎ ድማ ዳግም ዓቅሚ ኣዳም ዘይበጽሑ መንእሰያት ከህልቅ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ዶብ ጥሒሱ ህጻውንቲ ተዓለምቲ ሰዋ ኣብ ዘይፈልጥዎ ሓዊ እንድ ኣእተወ የጥፈኦም ኣሎ።

እቲ ዝገርም ግን ሰዓብቶም ኢና በሃልቲ ኣብ ስደት ዝነብሩ ደቂ ድኻ ኤርትራዊ ክሃልቅ ኣብ ጎድኒ ኣምሓሩ ደው ኢሎም "ተደሚርና ኢና ውግእ ይቀጽል" ክብሉ ከለው የስደምመካ። ብሓቂ ነዚ ዝኸይድ ዘሎ ውግኣት ቅኑዕ'ዩ ዝብሉ እንተኾይኖም፡ ወይ ባዕሎም ወይ'ድማ ደቆም ሰዲዶም ይፈትንዎ ንክፈልጥዎ መቀረት ኩናት።

ስለ'ዚ፡ እዚ ካብኮነ ውጺኢት ስራሕ ህግደፍ፡ ንሕና ከም ህዝቢ እንታይ ንግበር ዝብል ሕቶ ምምላስ ግድነት ይህልወና።ግን ብኸመይ ንመልሶ?

እምብኣርይ፥ ሓድነት ቀዳምነትና ንስራዕ ነዚ በዳሂ እዋን ንኽንስዕሮ። ራኢና ነስተኻኽልን ነነጽርን ከምኡ እውን ንጹር ዕላማ ንሓንጽጽ። ኩሉና ዜጋታት ካብ ስሚዒት ወጺእና ቀዳማይ ጸላኢና ኢሰያስ ክሳብ ዝኾነ ሓይልናን ዓቕምናን ንውኡን ስርዓቱን ሓንሳብን ንሓዋሩ ከልግስ ፡ ህዝብና ሰላም ክርክብ፡ ሓድነት ብዕቱብ የድልየና ኣሎ። ስለዚ ነዚ ክውንነት ፡ ክውን ንኽንገብር ፡ሓቢርና ብሓንሳእ ንስራሕ። በዚ መጠን ከኣ ድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ነረጋግጽ። ኢሰያስ ኣብ ምብትታንና እዩ ዝነብር፡ ስለዝኾነ እምበኣር ፡ ብዕምቈት ኤርትራዊ ሓሳብን ድሕነትን ከነቐድም ይላቦ።

ካብዚ ሓሊፉ ግን መጻወቲ ስርዓት ኢሰያስ ኮይንና ኢና ክንነብር።

ልዑል ፈጣሪ ኣምላኽ ንሃገርናን ንህዝብናን ይውዳእ ይበለሉ።

የቐንየለይ።

**በራኺ ዮሃንስ**
**ኦታዋ፡ ካናዳ**

በብሓድ ሰብ ወሓደ